# ውላደይ ንምንታይ ዓመፀኛ ይኸውን?

NEWCOMER PARENT RESOURCE SERIES

ንደልዮን ዘድልየናን ነገር ምርካብ ናይ ብሂወት ምንባር ሓደ ኣካል እዩ ኮይኑ ግና ህፃናት ድልየቶምን ባህጎምን ብዝተረጋግዐ መልክዑ ወይ ድማ ቃላት ብምጥቃም ብኸመይ ክገልፁ ከምዝግብኦም ኣይፈልጡን፡፡ እንዳዓበዩ ክኸዱ ከለው ህፃናት ስምዒቶም ምቁፅፃርን ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ኣወንታዊ ብዝኾነ መልክዑ ምርኻብ ይኽእሉ፡፡ እዚ ክሳብ ዝኸውን ግና ህፃናት ባዕሎም ንምግላፅ ክፍትኑ ከለው ዓመፀኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ህፃናት ክዋቕዑ፣ ክራግሑ፣ ክቑንጥጡ፣ ክናኸሱ ወይ ክጎቱ ይኽእሉ፡፡ እግሪ ተኺሊ ህፃናት (1-3 ዕድመ)ብደይመደይ ክዋቕዑ፣ ክራግሑ፣ ክናኸሱ፣ ክጎቱ፣ ከእውዩ፣ ፀጉሪ ክጎቱ፣ ክቒንጭውን ክደፍኡን ይኽእሉ እዮም፡፡ ቅድመ መዋእለህጻናት (3-6 ዓመት ዕድመ) ዝበፅሑ እዚኦም ክገብሩን ከምኡድማ ክጓሰጡ፣ ጡፍ ክብሉን ከእውዩን ይኽእሉ፡፡ ካልኦት ሰባት ከፈራርሑ፣ ክድህል ወይ ጥቕዓት ክፍፅም ይኽእል፡፡ ብዘይፍቓዶም ዝተሰደዱ ህፃናት ዓመፀኛ ናይ ምዃን ዕድሎም ሰፊሕ እዩ፡፡



## ሓደሓደ ህፃናት ንምንታይ ዓመፀኛ ይኾኑ?

ህፃናት ዓመፀኛ ክኾኑ ዝገብሮም ብዙሓት ምኽንያታት ኣለው፡፡

- ህፃናት ዓመፀኛ ክኾኑ ከለው ዝደልይዎ ወይ ብህፁፅ ዘድልዮም ነገር ዝረኽቡ ይመስሎም፡፡
- ህፃናት ዓመፀኛ ክኾኑ ከለው ብርቱዓት ዝኾኑ መሲሉ ይስምዖም፡፡ ዝፈጠርዎ ምላሽ ግብሪ ምርኣይ ስለዘሐጉሶም፡፡
- ዓርስኻ ምቁፅፃር ይመሃሩ ስለዘለው፡፡ ምኽንያት ንመርዳእ ክፀንሑ ኣይኽእሉን ከምኡ ድማ ዝደልይዎ ነገር ንምርካብ ስምዒቶም ብኸመይ ክቆፃፀሩ ከም ዝኽእሉ ኣይፈልጡን፡፡
- ክቆፃፀርዎም ወይ ክዛረብዎም (ህርቃን፣ ቁጥዐ፣ ጭንቀት) ዘይኽእሉ ጥንኩር ዝኾነ ስምዒት ኣለዎም፡፡
- ኣቓልቦ ይደልዩ እዮም፡፡
- ምዕባይ ሓዎም ወይ ሓፍቶም ዘርኣይዎ ጠባይ የርእዩ፡፡
- እግሪ ተከል ህፃናት ናይቲ ዝነኽስዎን ዝምንጭትዎን ጨጉሪ ዓይነት ስለዝፈተውዎ እዩ፡፡

## ዓመፅ ኣ ብዘይድልየቶም ዝተሰደዱ ህፃናት

ሓደሓደ ብዘይድልየቶም ዝተሰደዱ ህፃናት ብቲ ዘጋጠሞም ተጓንፎ ተሃሰዮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንስኻን ውላድካን ኣብ እትፈትውዎም ሰባት ዓመፅ፣ ጥቕዓት ወይ ጉድኣት ክበፅሕ ሪእኹም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ዋላኳ ክትሕልዎም ዝከኣለካ እንተፈተንካ ኣብ ውላድካ ፅዕንቶ ዘሕደረ ሓደገኛ ኩነታት ገጢሙካ ክኸውን ይኽእል፡፡ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተጓንፎታት ናብዞም ዝስዕቡ ነገራት ከምርሑ ይኽእሉ፤

- ኣብ ካልኦት ወይ ኣብ መፃወቲ ባምቡላ እቲ ዝሓለፎ ጥቕዓታዊ፣ መጨነቒ ተጓንፎ ምፍፃም፤
- ብሂወት ንምፅናሕ ምቅላስ (ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ምእማን)፤
- ወለዶም ሓዲጎምዎ ክመፁ ከለዎ ከይስእንዎም ስለ ዝፈርሑ ወለዶም ክምለሱ ከለው ይወቕዕዎም፤
- ካብ ወለዶም ክፍለዩ ከለው ንሓብሐብቶም ይዋቕዑ፣ ይጉስጡን ይራግሑ፤
- ዝኾነ ሰብ ክሳብ ዝፅግዖም ሱቕ ምባል (‹ከም ዝሞቱ› ምፅዋት)፤
- ኣብዚሑ ምብላዕ፣ ሓፁር ምግባር፣ ምውቓዕ ወይ ምግቢ ንምብላዕ ምስ ካሎት ምድፋእ፤
- ርእሰ ማህሰይቲምፍጻም፡፡

ብዛዕባ ምዕባይ ቆልዑ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትረክብ እንተድኣ ደሊኻ cmascanada.ca/cnc/parents ተዓዘብ

CMAS
SUPPORTING CHILD CARE IN THE SETTLEMENT COMMUNITY / SOUTIEN DE LA GARDE DES ENFANTS DANS LA COMMUNAUTÉ DE RÈGLEMENT
Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada / Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada